# መን`ዩ ዝዕደዮ ? ! (ዕዳ ናይቶም ሓዊ ዘሳዉሩ ዘለዉ ተጋሩን ኣምሓሩን)

ንዝኾነ ህዝቢ፡ ብመሰረት እምነቱ - ሕብሪ ቆርበቱ - ዘርኡ - ዓሌቱ - ዓዱ .......... መሚኻ ፤ እዚኦም ቁኑዓት`ዮም ፤ እዚኦም ሑሱማት`ዮም ፤ እዚኦም ጀጋኑ`ዮም ፤ እዚኦም ከሓድቲ`ዮም ......... ኢልካ ምውጋኖም ጌጋ`ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ እንተላይ ገበን`ዩ ።

ምኽንያቱ ሕማቅ ይኹን ጽቡቅ (ባህሪያት - ልምድታት - ኣተሓሳስባ ) ኣታውን ወጻእን ባህሪ ዘለዎ ጉዳይ ከም ምዃኑ መጠን ቁዉም መፍለጢ ወይ መለለዪ ናይ ሓደ ሕብረተ ሰብ ክኸውን ኣይክእልን`ዩ ።

ኣብ ሓደ ውሱን ዘመን ሳዓሪ ተፈራሒ ዝነበረ ሕብረተ ሰብ ፤ ኣብ ካልእ ዘመን ዝደኸመ ተደፋሪ ሕብረተ ሰብ ኮይኑ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

ከምኡ`ውን ግዜን ኩነታትን ኣምጺኡዎ ነጊሱ ዝጸነሐ ልምድን ኣታሓሳስባን ካልእ ግዜን ኩነታትን ተፈጢሩ ክቅህም ይኽእል`ዩ ።

ንኣብነት ጀርመናውያን ኣብ ግዜ ሂትለር ኩሎም ፋሽሽቲ`ዮም ነይሮም ምባል ዘይሓቂ ኮይኑ ፤ ኣብዛ ሎሚ ዘላ ደሞክራስያዊት ጀርመን ፋሽሽታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት የለዉን ምባል ከኣ ካልእ ዘይሓቂ`ዩ ።

ሕማቅን ጽቡቅን ባህርያት - ተግባራት - ኣተሓሳስባ ይትረፍ ንሙሉእ ሕረተ ሰብ ከተጠቓልለሉ ፤ ንሓደ ውልቀ ሰብ`ውን እንተኾነ ብሕማቅ ወይ ብጽቡቅ ጥራሕ ምግላጹ ኣሸጋሪ`ዩ ።

ሕማቅን ጽቡቅን ኣብ ምድሪ ከም 2 መፈተኒ ፈጣሪ ዘንበሮም ስለ ዝኾኑ ፤ ዓለምና ንዘልኣለም ጸይራቶም ዝጓዓዙ ፤ ምኽንያት ዓወትናን ክሳራናን`ዮም ። ንሓደ ካብ ክልትኦም ፈልዩ መሪጹ ምስቲ ዝመረጾ ጥራሕ ክነብር ዝኽእል ሰብ ኣብዛ ዓለም ኮቶ የለን።

ኣብታ ትስዕብ ካለኤይቲ ዓለም ግና ሕማቅን ጽቡቅን ብሓደ ክነብራ ኣይኮናን። ብመሰረት ኣብ ቀዳመይቲ ዓለም ዝነበረና ምርጫ መሰረት ፤ሰብ ጽቡቅ ቦተኦም ኣለዎም ፤ ሰብ ሕማቅ ቦተኦም ኣለዎም ። ካብቶም ሰብ ጽቡቅ ይግበረና።

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ፡ ኣብ ንጣር ሓዊ - ዝተሳሕለ ካራ - ጥምየት - ዕርቓን - ሓዘን - ምዝኽታም ........ ዘየርክበሎም ቦታ ኮይኖም ሓዊ ዝኣግዱን ዘሳዉሩን ዘለዉ ተጋሩን ኣምሓሩን ናብቲ ናይ ርዋንዳ Genocide ዓለታዊ ጽልኢ Tutsi – Hutu ገጾም የምርሑ ከም ዘለዉ ዘይርደኦም ኮይኑ መከራ`ዩ።

<u>ለባማት ተጋሩን ኣምሓራን ከኣ ድምጾም ዓው ብምባል ፤ ድምጺ ናይ`ቶም ገበነኛታት ሾቨኒስቲ ከም ዘይስማዕ ክገብሩ ኣለዎም። ጽባሕ ዋጋ ናይዚ ገበን ዝኸፍል እቲ ተጋሩ ነጊሶም ዘይረበሐ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይን ኣምሓር ነጊሶም ዘይረበሐ ውጹዕ ህዝቢ ኣምሓራን`ዩ።</u>

“ መምሃርን ኣይግበርካን መምሃርን ኣይኽላእካን ” ዝበሃል ምስላ`ሎ ። ምስ ብዙሕ ቅሬታ ህዝቢ ርዋንዳ መምሃሪ ኮይኑ`ሎ ፤ ታሪኽ ሽግር ርዋንዳ ናይ ትማሊ ኩልና ንፈልጦ`ዩ። ህጻናት ክመሃርዎ ዘለዎም ኣገዳሲ ጉዳይ` ውን`ዩ።

ንሓደ ደርሆ ክሓርድ ነፍሱ ዘይገብረሉ ሰብ ብጽልኢ ኣስኪርካ ሰባት ክሓርድን ክፍልጽን ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ ምብጽሑ ከም ዝከኣል ዘጠራጥር የለን።

ጽልኢ ዝበሃል መስተ ኸኣ ብሙኩሓት ተጋሩን ኣምሓራን ብብርለ - ብምነልክ - ብፍያስኮ - ብነጻ`ዩ ዝዕደል ዘሎ። እቲ ደሓር ርዋንዳ ዝረኸበቶ ኣገዳስን ዘሐጉስን ፍታሕ ከኣ ኩሉ ኣይኮነን ዝረኸቦ ! ምስቲ ኹሉ ርዋንዳ ዝተዓወተቶ ፖለትካዊ ዓወት ፤ ኣብ ልቢ ብዙሓት በሰላ ከም ዘሎ ዝሰሓት ኣይኮነን።

ብዝተረፈ ከምቲ ኣብ ሰላም ትነብር ጎረበት ሱዳን - ጂቢቲ - የመን - ሱዑዲ ክትህሉ ዘገድሰና መጠን ሰላም ዝነገሳ ኢትዮጵያ ክትህሉ`ውን የገድሰና`ዩ።

AAHafiz 29/7/2021